# ኣብ ናይ ዑቕባ ምርመራ ዚህሉ ናይ ምጽባይ ግዜ

ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ዑቕባ ዚሓቱ ብዙሓት ሰባት መጺኦም ኣለዉ። እዚ ኸኣ ኣብ ኩላ እታ ሃገር ነቲ ኣብ ዑቕባ ምርመራ ዚህሉ ናይ ምጽባይ ግዜ ኣናዊሑዎ ይርከብ።

ንስኻ ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ኣብቲ ናይ መጠየቒ ኣሃዱ ምስ ተመዝገብካ፡ ንምርመራ ክትጽዋዕ ኢኻ። ኣብቲ ዚግበር ምርመራ ስለምንታይ ዑቕባ ትሓትት ከም ዘሎኻን እንታይ ከም እተጓነፈካን ክትዛረብ ኢኻ። ብዙሓት ሰባት ዑቕባ ይሓቱ ስለ ዘለዉ ክሳዕ እትጽዋዕ ነዊሕ ግዜ ኪወስድ እዩ። እቲ ቤትጽሕፈት ስደተኛታት ወይ ሚግራኹንቬርከት ክሳዕቲ ምርመራኻ ዚካየድ ምንም ዓይነት ውሳነ ኣይህብን እዩ።

ቤትጽሕፈት ስደተኛታት ነቲ ናይ ምጽባይ ግዜ ንምሕጻር ብዙሓት ተሓጋገዝቲ መዲቡ ኣሎ፡ ሓደስቲ ኣሃዱታትውን ጀሚሩ ኣሎ። ነቲ ናይ ምጽባይ ግዜ ብብቕዓት ንምዝውታር ኢልካ ዚግበር ናይ ግዜ ምክፍፋል ኩሉ ግዜ ርትዓዊ ኪኸውን ኣይክእልን።ንኣብነት ኣብ ገሊኡ ቦታታት ገለ ሓዲሽ ክፉት ግዜ ኪህሉ ይኽእል፡ እቶም ድሕረኻ ኣብዚ ዓዲ ዝመጹ ድማ ቅድመኻ ይጽውዑ ይኾኑ። እቲ ክፉት ግዜ ንስድራቤት ወይ ንውልቂ ሰብ ዚምልከት ብምዃኑ ናብ ምርመራ እትጽውዓሉ ግዜ ኪድንጉ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣብዚ እተወጠረ ኩነታትዚ ክትርድኣና ንልምነካ።

ክሳዕ መጋቢት 1/2016 ናይ ምርመራ ቆጸራ እንተ ዘይተዋሂቡካ፡ እቲ ናይ ጉዳይካ መስርሕ ኣበየናይ ኩነታት ከም ዚርከብ ክንሕብረካ ኢና።

ንውሳነ ምጽባይ ዓቕሊ ዘጽብብ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና፡ ስለዚ ንናይ ነፍስወከፍ ሰብ ጉዳይ ቅልጡፍን ርጉጽን ውሳነ ንምሃብ ኩሉ ዚከኣለና ክንገብር ኢና።

Migrationsverket